ቤት ፅሕፈት ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲጉዶም ናይ ስፖርት ዕጥቂ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰንበት ሕዳር 28, 2018 (ቅድሚ 11 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 10, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:ዓዲ ጉዶም
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 10, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ስፖርት ዕጥቅን ተዛመድቲ አቁሑትን/

1 በቲ ዘፈር ናይ ዘመን ፍቃድ ንግዲ ከቅርብ ዝክእል

2 ኣብ ቤት ዕዩ ትልምን ፋይናንስን ብመቅረባይነት ዝተመዝገበ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ መረዳእታ እዉን ከቅረቡ ዝክእሉ

3 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ዘለኩም ተወዳደርቲ ዋጋ መሊእኩም ኣብ ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲጉዶም ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ክተቅርቡ ንዕድም

4 ዝልእክዎ ሰነድ ብንፁር ዘረአ መንገዲ ገይርኩም ክተሓሕዙ አለኩም ብምፁር እንተዘይተሪኡ ግን ካብ ዉድድር ዋፃኢ ከምዝከዉን እዉን ነፍልጥ

5 ዝቀረብ ናይ ጨረታ መረዳእታ ሰነድ ዋናን ቅዳሕን ንንበይኑ ኮይኑ ብሸምዒ ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ወይ እዉን ፖስታ ኣብ ልዕሊኡ ናይ መቅረባይ ወይ እዉን ተወዳዳራይ ሙሉእ ስም ናይቲ ትካል ኣድራሻ ቁፅሪ ስልኪ ናይ ምንታይ ዓይነት ጨረታ ምካኑ ናይቲ ቤት ዕዩ ስም ክሕብር አለዎ

6 ተጫረቲ ዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ካብ ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲጉዶም ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ካብ ዕለት 19/3/2018 ዓም ክሳብ 9/4/2018 ዓም ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት በኣካል ብምቅራብ 300 ብር እናከፈሉ ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይክእሉ

7 ተጫረቲ ዘቅርብዎ መከበሪ ጨረታ 3000 ቅረሺ ብስም ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓዲጉዶም ብጥረ ገንዘብ ወይ ከዓ ብስፒኦ ናብ ዝተዳለወ ናይቲ ቤት ዕዩ ሳንዱቅ ጨረታ ወይድማ ቅድሚ ጨረታ ምከፋቱ ከቅርቡ አለዎም

8 ኣብቲ ጨረታ ሳዓራይ ዝከዉን ተወዳደሪ ዝሰዓሮ ንብረት ዉዐሊ ካብ ዝአሰረሉ ዐለት ኣብ ዉሽጢ 10 ተከታታልቲ መዓልቲታት ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ መራገፍን ናብ ቤት ዕዩና ስቶር ወይ እዉን ንበረት ክፍሊ በቲ ዝተሐተተ ፅሬትን መጠንን ከቅርብ ዝክእል ምካኑ ክፈልጥ አለዎ

9 እቲ ቤት ጨረታ 10/4/2018 ዓም ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረቲ ወይ እዉን ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክበሉ ይክፈት ተጫረቲ ብዘይምቅራቦም ሳንዱቅ ጨረታ ምክፋቲ አይተኣጎልን

10 አብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዘይኮኑ ተወዳደርቲ ዘትሓዝዎ መከበሪ ጨረታ ናይቲ ጨረታ ዉፅኢት ምስተፈለጠ ሰዓራይ ትካል ዉዕሊ ምስኣሰረ መከበሪ ጨረታ ይምለሰሎም

11 ዉዕሊ ተቀባሊ ዉዕሊ እንተፍሪሱ መከበሪ ዉዕሊ ወይ እዉን ፐርፎርማ ቦንድ ዘትሓዘ ገንዘብ ከምቲ ዉዕሊ አፈፃፅማ ብሙሉእ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ተቀፂዑ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ይከዉን ዉዕሊ ብምቁራፁ ድማ ኣብ ዓዳጊ ዝበፅሕ ጉዳእትን ኪሳራን መቅረባይ ካሕሳ ክክፈል ብሕጊ ዝሕተት ምካኑ ክፍልጥ አለዎ

12 ተጫረቲ ዉዐሊ አፈፃፃም ስራሕ ካብ ዝሰዓረዎ ጠቅላላ ዋጋ 10 ሚእታዊ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ወየ ከዓ ናይ ባንኪ ዉሕስና ከቅርብ አለዎ

13 ክፍሊት ዝፍፀም ብመሰረት ዝርዝር መግለፂ ወይ እዉን መርኣያ ፅሬት ዘለዎም ምካኑ ወይድማ ብቁዕ ግልጋሎት ዝህቡ ምካኖም ብዝምልከቶ ኣካል ምስተረጋገፀ ይከዉን

14 ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

15 ተጫረቲ ኣብ ነብስወከፍ ዘቅርብዎ መረዳእታ ሰነድ ጨረታ ማህተምን ፊርማን ክታምን ክዕርፍሉ ይግባእ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0934824000 / 0914701770

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle